# ናይ ማዕተብ ስራሕ

ዕለት 28.07.06

*Written Henok Yohannes*

ንመሰልካን ን ናይ መዓልታዊ ዘጋጥሙካ ሽግራትን ጸገማትን ተሪርካን ሓይልካን ንምግጣሙን ንምብዳህን ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ይኩን ኣብ ታተ እዳበላ ገና ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ብ ማሕበር ምጥርናፍን ምዉዳብን ኣድላይነቱን ጥቕሙን ዘየማትእ ሕቶ'ዩ::

ስለዝኾነ ኸኣ: ኣበዮ ሃገራቱ፥ ብዙሓት ማሕበራት ተመስሪተንን :ገና እዉን ዝምስረታ ዘለዋን::
ካብኣተን ንምጥቃስ ዝኣክል ማሕበር ሰራሕተኛታት፥,ማሕበር ሓረስቶት፥ማሕበር ነጋዶ፥ማሕበር ተማሃሮ፥ማሕበር መማህራን፥ማሕበር ስነ-ጥበባዉያን፥ማሕበር ደቀንስቲዮ፥ማሕበር መንእሰያት ወ.ዘ.ተ… ብዉሑዱ ምጥቃስ ይኣክል::

ኣብ ሃገርና ምስ ንምለስ'ዉን ዋላኳ ብ ኣንቀጽ 19 ቁ.7 ናይ ምትእኽኻብን ምጥርናፍን መሰል ብንጹር ሰፊሩ እተሃለወ ብቐንዱ እቲ ሕገ-መንግስቲ ዝበሃል ኣብ ስራሕ ስለ ዘይዋዓለ ዛጊት ክስርሓሉ ኣይተካእለን::እተን ኣለዋ ዝበሃላ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናየን ማሕበራት'ዉን ናጻ ኣብ ልዕሊ ዘይሙኳነን መጋበርያ ናይቲ ሰርዓት ጥራሕ'ዉን እየን::

ቀንዲ ጥቕሚ ብ ማሕበራት ተወዲብካን ተጠርኒፍካን ምስራሕ እበኣር ንመሰልካ ንምጥባቕ ብቐንዱ፥ ብ ሓፈሻኡ ኸኣ ንጸገማትካ ብ ሓደ ኮይንካ ምብዳህ ንክጠቕመካ'ዩ::

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰይን ተማሃሮን ኤርትራ ማለት (ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ) ፈለማ መበገሲኡን መሰረት ቅዋሙን ኽኸዉን ዘለዎ፥ ንመሰልን ንሃገራዊ ግዴታን መንእሰያት ኤርትራ ንክልቲኡ ብሚዛናዊ መገዲ ንኽኽብርን ንክሕሉን'ዩ::ስለዚ ነዚ ዕማምእዚ ከመይ የሰላስሎ ኣሎ ኢልካ ምሕታት ኣድላይ እመስለኒ::

ኣብዚ እዋን እዚ መንእሰይ ኤርትራ ብቕጥታ ኮነ ብ ተዘዋዋሪ ዉትህድርና እቲ ዝዓበየ ክፋል ስርሑን ሂወት መነባብርኡን ኮይኑ ይርከብ ኣሎ:: ክሳብ ሕጂ መበል 19ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ መበል 20 ዙርያ ከይቆጸርካ ኣስታት 300 ሽሕ መንእሰያት በዚ ታዕሊም ዉትህድርና ከምዝሓለፉ ካብጸብጻባት ዛጊት ክፍለጥ ተካኢሉ'ሎ::ኣብ 4ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ዳርጋ ፍርቂ ሚሊዮን ኣብዉትህድርና ክህሉ ገና እዉን እዚ ጻዕቂ እዚ እንዳወሰኸ ይኸይድ ምህላዉን፥ ሃገር ብምልእታ ኣብ ማዓስከር እናተቀየረት ትኸይድ ከምዘላ ዘርኢ ጉሉሕ ሰእሊ'ዩ::

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ኣንበኣር ን መሰል መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ንምሕላዉ ዝቆምኩ ማሕበር እየ ካብ በለ፡ ኣብ ሽግርን ኣደራዕን መንእሰያት ኤርትራ መሰሎም ንምሕላዉ ቀዳማይ ተሓላቓይን ተዋሳኣይን ኸኸዉን ሓላፍነቱን ግዴቱኡን እዩ። እዚ'ሞ ይትረፎ መንእሰያት ብዘይ ኣግባብ ክግፈፉ፥ኮብሊልኩም ተባሂሎም ብዘስካሕክኽ ዓይነት ቅዲ ኣሳቕያ ክሳቐዩን ኣብ ፈቀዶ ጎዳጉድ ክሕየሩን ፥ ተመሃሮ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ተቃዉሞ ሰለ ዘርኣዩ ንብዙሓት  ኣብ ዊዓ ክእሰሩን ካብኣቶም ብሰንኪ ዋዕን ሕጽረት ትንፋስን ክሞቱ ከለዉ፥ ርሑቕ ን ድሕሪት ከይተመለስና'ዉን ኣብ ዓዲ ኣብዮቶ ኣብ ልዕሊ  መንሰያትን፡ ናኣሸቱ ተማሃሮን ብዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ  ጃምላዊ መቕተልቲ ኣብ ልዕሊኣም ክፍጸም ፥ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ  ኣብ ኣከባታቱን ኮንፈረንሳቱን ብፍላይ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ ኣብ ናቕፋ ዘቃነየ ጉባኤኡ ኣሸንባይዶ ክሕለቐሎምን ክማጎተሎምንሲ ይትረፍ ከም ኣርእስቲ ኣልዒሉ እንታይ ተረክበ ኢሉ  ብዛዕባቲ ጉዳይ ክሓትትን ብጭቕ ኢሉ ክዛረበሉን ኣይተራአየን::

ጉዳይ በኣማእት ዝቑጸሩ ኤርትራዉያን መንእሰያት ሃገሮም ገዲፎም ክኽርትቱን ኣብ ፈቖዶ ምድረበዳ ልብያን ማአከላይ ባሕርን ሂወቶም ክሓልፍ'ዉን ተዓዛባይ ካብሙኣን ሓሊፉ እዚ ጉዳይ ዝዓጅቦ ኣይመስልን::

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ እንበኣር ናይ ሓቂ ወኪል መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ንከይከዉን በአዚ ኣብላዕሊ ዝረኣናዮ ረቛሒታት ትሩፍ ይገብሮ::ስለዚ ናይ ሓቂ ንመሰል መንእሰያት ኤርትራ ምጥባቅ እንበኣር  ጎስጓስ ናይ ፕሮፖጋንዳ ጥራሕ ዘይኮነ ዘድሊ ብዓቢኡ ጣልቃን ምትእትታዉን  ናይ ካልእ ኣካል ዓገብ ብምባልን ናጻ ማሕበር ብምኳን ጉዳይ መእሰያት ኤርትራ ጉዳይካ ብ ምግባር  ናይ ሓቂ ተወፋይነትን ናይ ማዕተብ ስራሕን'ዩ::

© 2006 Henok Yohannes